vicroads

SEPTEMBER 2008

# ንሓዱሽ ማኪና ኣዘዋውራ ፈተና ተዳሊኹም’ዶ?

ዝለማመዱ ሹፌራት ብዘይጸገም ንምዝዋር ብዝተፈላለዩ ኩነታት ናይ 120 ሰዓታት ትምህርቲ ብምውሳድ እሞ ኣድላይ ዝኾነ ፀባይን ሕጋው ኣዘዋውራ ከምዝረኽቡ ንምግምጋም ብቪክቶሪያ ሓዱሽ ኣዘዋውራ ፈተና ከምዝወጸ እዩ።

ነቲይ ሓዱሽ ፈተና ዝሓለፉ ናይ መንጃ ፍቓድ ኣመልከቲ ብዘይጸገም ምዝዋር ከምዝኽእሉን በብማዓልቱ ዝካየድ ሕጋው ኣዘዋውራ ዝምልከት በቲይ መገምገሚ ፈተና ውሽጢ ከምዝጠቓለል እዩ።

በዙይ ዝሰዕብ ዝርዝር መረጋገጺ ንዘሎ ምልክት እንተጌርኩም እሞ ነቲይ ፈተና ንምውሳድ ከምዝተዳሌኹም የረጋግጽ እዩ። እዙይ ዝርዝር መረጋገጺ ንመሓበሪ ጥራይ እምበር ንኩሉ የጠቓልል እዩ ማለት ኣይኮነን። ብዘይ ጥንቓቀ ብዝፍጠር ናይ ኣዘዋውራ ጌጋታትን ሕጋዊ ዘይኾነ ፀባያት ዝምልከት እሙ`ቅ ብዝበለ ኩነታ ኣብቲ ሓዱሽ ፈተና ውሽጢ ስለዘሎ እሞ በቲ ፈተና ክውሰድ እንከሎ ኣገዳሲ ዝኾኑ ናይ ኣዘዋውራ ድሕንነት፣ ሕጋዊ ዝኾነ ፀባይ ብግቡእ ኩነታ ክተርእዩ እንተዘይኺእልኩም ዋላኳዕ ለማዲ ሹፌር ኮይንካ ብግቡእ ምድላው እንተተዳሎኻው’እውን በቲይ ፈተና ትወድ`ቕ። ብ**ናይ ለማዲ ጥራዝ ወረቐት** ኣካል ንዝኾነን ብናይ VicRoads **ናይ ለማዲ መምርሒ** ውሽጢ ብዘሎ ንድፈታት ኩሉ ምልክት ምግባር ኣለኩም።

## ነዙይ ዝስዕብ እንተማሊእኹም እሞ ነቲይ ሓዱሽ ፈተና ንምፍታን ድልዉ ትኾኑ:

- ☐ ኣብ መንገዲ ብውሑድ ን120 ሰዓታት ናይ ምዝዋር ተሞክሮ ምዘለዎ ተቆጻጻሪ ኾይንኩም ብዝተፈላለየ ትራፊክ፣ መንገዲን ናይ ኣዘዋውራ ኩነታት ማለት ን10 ሰዓታት ብምሽት፣ ብዝናብ ዝጠልቀየ ግዘ ከምኡ’ውን ብፍጥነት ኣብዝዝወረሉ መንገዲታት ምልምማድ ዘጠቓለለ ይኹውን።
- ☐ ኣብ ዝተፈላልዩ መንገዲታት ማለት ማኪና ብዝበዝሓ መንገዲ፣ ብዙሕ ናይ ጉዕዞ መስመራት ዘለዎ መገዲ ከምኡ’ውን ብዝተፈላልየ ናት ትራፊክ ኩነታት ብዘለዎ መገዲታት በብማዓልቱ በዝይጸገም ምዝዋር ይኻኣል እዩ።
- ☐ ናይ ኣዘዋውራ ተቆጻጻሪ ወይካዓ ዘምህር ሹፌር ሓገዝ ብዘይብሉ ብባዕልኻ ናይ ማኪና ምዝዋር ይኻኣል እዩ። እዙይ’ድማ ብዘይጸገም ብባዕልኻ ምዝዋልን ናይ ባዕልኻ ሚዛናዊ ኣዘዋውራ ክነብረካ ይኽእል።

## ኣብዝተፈላለዩ ትራፊክ ኩነታት ክትዝውር እንከሎ በዙይ ዝስዕብ ናይ ኣዘዋውራ ፀባያት ብዘይምቑራጽ ክተርእይ ይግባእ:

- ☐ መዘ`ኻከሪ — ኣብዝኾነ ግዘ ብዛዕባ ካልኦት ናይ መንገዲ ተጠቐምቲን ናይ መንገዲ ኩነታት ምፍላጥ፣ ብክሳድካ ግለጽ ኢልካ ንድሕሪት ምርኣይ ብመስታወት ውሽጢ ምርኣይ ከምኡ’ውን ውሑድ ፍጥነት ከምዘለካ ንክተርእይ `ቕድሚት ማኪናኩም ምርኣይን ኣብድሕሪት ንዘሎ ማኪና ምስትውኣል እዩ።
- ☐ ምልክት ብምርኣይ — ንዘለኩም ድሌት ንካልኦት መገዲ ተጠቐምቲ ብግቡእ ብምግላጽ ረኸቢ ምፍጣር
- ☐ ክፍቲ ቦታ ኣመራርጻ — ብዙሕ ማኪና ብዘለዎ መገዲ ክትኣትው እንከሎ ቐዲምካ ሓደገኛ ንዘይኾነ ቦታ ምምራጽ እዩ።
- ☐ ፍጥነት ኣመራርጻ — ኩልግዘ ካብቲ ዝተፈቐደ ፍጥነት ንታሕቲ ጌርካ ምዝዋር ይኹን እምበር ብጣዕሚ ቐስ ኣቢልካ ዘይምዝዋር — እዙይ’ድማ ከምቲ ናይ ማኪና ብዝሒን ናይ መገዲ ኩነታት ብዘየፍርሕ ፍጥነት ምዝዋር እዩ።
- ☐ ኣሞንኅ ማኪና ዘሎ ራሕቒ — ኩልግዘ `ቕድሚ ማኪናኩም ንሓደጋ ብዘየቓልዕ ራሕቒ ምግዳፍ እዩ።
- ☐ ብጐድኒ ማኪና ም`ቕራብ — ኣብዘየፈርሕ መስመር ኮይንካ ምዝዋር፣ ብዘይጸገም ንመዘወሪ ምቑፃርን ኩልግዘ ብዘለኻዮ ጉዕዞ መስመር ውሽጢ ኮይንካ ምዝዋር።
- ☐ ማኪና ጠጠው ንምግባር — ኣብናይ ጠጠው መበሊ ምልክት፣ ኣብናይ ትራፊክ ምልክት ዘለዎን ኣብናይ እግረኛ ማቋረጺ ብዘለዎ ማኪናኹም ኣብ ትኽኽለኛ ቦታ ጠጠው ምግባር።
- ☐ ምቑጽጻር — ኣብዝኾነ ግዘ ብጽቡ`ቕ ኩነታ ምእንታን ክትዝውር እሞ ማኪናኹም ክትቖጻጸሩ ይግባእ።

## ኣብዝተፈላልየ ናይ ትራፊክ ኩነታት በዚ ዝስዕብ ሕጋዊን ዘየፍርሕ ስጉምቲ ምውሳድ ትኽእሉ:

- [ ] ብዝተፈላለየ መስቀለኛ መገዲታት ናብ የማንን ጸጋም ንክትጥወይ እንከሎ
- [ ] ናብ የማንን ጸጋምን ጉዕዞ መገዲ ንምልዋጥ
- [ ] ናብካልእ ትራፊክ መገዲ ንምእታው
- [ ] ብሰለስተ ኣንጎሎ ዘለዎ መጥወዪ መገዲን ናብ ድሕሪት እንዳዘወርካ ኣብ ጎድኒ ማኪና ጠጠው ንምግባር
- [ ] ብዝተፈላለየ ናይ ትራፍክ ምቍንናቕ ብዘለዎ መገዲን ተር ብዝበለ መገዲን ጥዋይ መገዲ ምዝዋር

## ብዝተፈላለየ ትራፊክና ናይ መገዲ ኩነታት ብዘይ ከቢድ ጌጋታት በዚ ዝስዕብ ንምዝዋር ይኻኣል:

- [ ] ክትዝውር እንከሎ ምስእቱይ መገዲ ጠርዚ ምግጫው
- [ ] ንካልኦት ማካይን ወይካዓ ንተጠቀምቲ መገዲ ምድንጋር
- [ ] ብዝኾነ ግዘ ካብቲ ፍጥነት ዓቐን ንላዕሊ ምዝዋር
- [ ] ምልክት ዘይምርኣይ፣ ብዘይምስትውኣል ወይካዓ ቕድሚያ ብዘይምሃብ ዝተበገሰ ንካልኦት ተጠቀምቲ መንገዲ ሓደጋ ከብጽሑ ምክንያት ምዃን
- [ ] ጠጠው ብመበሊን ብናይ ቐይሕ ትራፊክ መብራሕቲ ምልክት ምዝዋር
- [ ] ድሕንነት ብዘይብሉ መገዲ ማኪና ጠጠው ምግባር
- [ ] ማኪና ብጣዕሚ ቀስ ኣቢልካ ምዝዋር
- [ ] ምልክት ዘይምግባር ወይካዓ ዘይምስትውኣል
- [ ] ናይ እግረኛ መቋረጺ ምእጻው
- [ ] ማኪና ጠጠው ክተብል እንከሎ ነቲ ጎማ ኣብ ጠርዚ ምንጥልጣል ወይካዓ ካብቲ ዝተፈቐደ ጠጠው መበሊ ወጻኢ ጠጠው ምግባር
- [ ] በቲይ ጠጠው መበሊ ምልክት ክትበጽሕ እንከሎ ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ጠጠው ምግባር ዘይምኽኣል።

ንድሕንነት ዘቓልዕ ጌጋታት ምግባር ነቲይ ፈተና ብቐጥታ ጠጠው ንምግባር ምክንያት ከምዝኾነን ነቲይ ፈተና'ውን ከምዝወደኻ እዩ

መዘኻኸርታ: እቲይ ዝርዝር መረጋገጺ ዝተማልኣ ከይኸውን ይኽእል። ብዛዕባ እቲ ሓዱሽ ፈተና ብዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ **ብዛዕባኹም ናይ ኣዘዋውራ ፈተና እንታይ ንምፍላጥ ትደልዩ** ንዝብል ጸሑፍ ምርኣይን ኣብ GLS ዌብሳይት www.gls.arrivealive.vic.gov.au ምርኣይ።

**ንለማዲ መምርሒ** ከምኡ'ውን **ናይ ኣዘዋውራ ተቆጻጻሪ መምርሒ** ቅዳሕ ወረቐት ኣብ ዌብሳይት www.vicroads.vic.gov.au ክትረኽብ ትኽእል።

Victoria
The Place To Be

vicroads